ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

Eritrean National Salvation Front

# ህጹጽን ኣገዳሲ ሓበሬታ ብስደት ኣብ ልብያ ዝርከቡ/ከባ ኤርትራውያን ከምኡ ውን ንቤተሰቦም ኣብ ሙሉእ ዓለም ዝርከቡ

ነዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ኣምቢብኩም ተረዲእኩም ሓበሪታታት ከተማሓላልፉ ንምድሓን መንእሰያት ነማሕጽን፤ ኣብዚ እዋንዚ መንእሰያት ኤርትራ ንስርዓት ህግደፍ ምሕደራኦም ኣስካሕኪሕዎም ራሕሪሖሞምን ጠንጢነሞምን ናብ ልብያ ዝኣተዉ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚእቲ ዝኾኑ ኑጹሃት ኤርትራውያን በቶም ውሑዳት መጋበርያ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ርእሲ እቶም ስደተኛታት ምስ መንግስቲ ልብያ ብምስምማዕ ንኢታሊ ከነሳጋግረኩም ተኣከቡ በብሓደ ከነመዝግበኩም ብዝብል ጉልባብ ኣብ ርእሲ መንእሰያት ስደተኛታት ኤርትራውያን የሕዋትን ኣሓትን ብእኩቦም ጨውዮም ንኤርትራ ክመልስዎም ምኻኖም ካብ ልብያ ዝተረኽበ ሓበሬታ ከም ዘለዎ ነማሓላልፍ።

<u>ዕላማ ናይዚ ሁጹጽን ኣገዳሲ ሓበሪታ</u> ክንዝርጉሓ ከለና እቶም ኣብ ልብያ ዘለዉ ስደተኛታት ብናይ ህግደፍ ውዲታዊ ተንኮል ተታሊሎም ከይ እከብሎም ንኤርትራ ምስ መለስዎም ነቶም ቀዳሞት ዝተመልሱ ዝረኸበት ከይትራኽበም ገሊኦም ኣብ ማእሰርቲ ብማህረምቲ ነብሶም ዝቐሰለ ገሊኦም ኣብ ማእሰርቲ ብሕማም ብኢሰባዊ ኣታሓሕዛ ግደ ሞት ዝኾኑ ገሊኦም ድሕሪ ዓመታት ማእሰርቲ ኣብ ምድረበዳ ደንከል ዊዓ ብሃሩር ቆርበቶም ዝተባላሸወ እዚ ስለ ዘጋጠሞም ቀዳምት ነዞም ናይ ሕጂ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ልብያ ዘለዉ/ለዋ ነዚ ሓደጋታት እዚ ከየጋጠሞም/መን ከሎ ክንሕብሮም ካብ ሓልዮት ዝተበገሰ ሓሳብዩ።

ብፍላይ ክኣ ቤተሰቦም ኣብ ዝተፋላለየ ክፍለ ዓለም እትርከቡ ብተሌፎን ርክብ እንተሊኩም ሓበሪታ ክተስንቕዎም ኩሉ ዓቕምታት ዘፍቅዶ ንምደሓኖም ዝካኣለኩም ንክትገብሩ ሓበሬታ ነማሓላልፍ።